# ብኣምሓርኛ ፣ ትግርኛን ኦሮምኛን፣ ንዊኪፔድያ ኣብ ምብርካት ዘጋጥማ ብድሆታት ምርዳእ

ምሉእ ሳይንሳዊ ፅሑፍ ብሕሊና ሀይሉ ንጋቱ፣ ጆን ካኒ፣ ሳራ ቼሲንስ

ትርጉም ብብርሃነ ኣቻሜ

መስከረም ፳፻፲፮ ዓ.ም

This work is licensed under CC BY-NC-SA 4.0. To view a copy of this license, visit https://creativecommons.org/licenses/by-nc-sa/4.0/

ዊኪፔድያ፣ ብሓፈሻ፣ ካብ 191 ሚልዮን ንላዕሊ ፅሑፋት ዝሓዘ፣ ብልዕሊ 300 ቋንቋታት ዝርከብ ነፃ ኦንላይክሎፔድያ እዩ። ራእይ ዊኪፔድያ፣ 'ኣብዛ ፕላኔት እዚኣ ዘሎ ሕድሕድ ሰብ፣ ውህሉል  ናይ ደቂ ሰብ ፍልጠት ክረክብ ዝኽእለሉ መድረኽ ምግባር እዩ።' ይኹን ግና፣ ከምዚ ዝበለ ራእይ ይሃሉዎ እምበር፣ ኩለን ቋንቋታት ብማዕረ ኣይተወከላሉን።

ብዙሕ ኣሃዛዊ መረዳእታ ዘይብለን ቋንቋታት ትሑት ጥሪት (ሃብቲ) ዘለወን ቋንቋታት እየን ዝበሃላ። እዚ ምደባ እዚ፣ ንቋንቋታት ኢትዮጵያ ሓዊሱ፣ ንኣብዝሓ ቋንቋታት ኣፍሪካ ዝጥምት እዩ። ኣብዚ ስራሕ እዚ፣ ብፍሉይ፣ ኣብ ዊኪፔድያ ኦሮምኛ፣ ኣምሓርኛን ትግርኛን ዘሎ ብድሆታት ኢና ኣፅኒዕና። እዘን ቋንቋታት እዚአን፣ ብቃላት ገዛእ ርእሰን፣ ትሑት ሃብቲ ዘለወን ተባሂለን ስለዘይተሰየማ፣ ከክንድኡ፣ ኣብዚ ፅሑፍ እዚ፣ ንሕድሕድ ቋንቋ ብስም ገዛእ ርእሰን ክንፅወዐን፣ ወይ ከኣ፣ ብሓፈሻ እኹል መረዳእታ ዘይብለን ምኳነን ዝሕብር መግለፂ ንጥቀም። እዚ፣ እቲ ንሕና እንጥቀመሉ መፀውዒ ቃልን  ኣባላት ማሕበረሰብ ንገዛእ ቋንቆኦም ብናይ ባዕሎም ኣፅዋውዓ ዝስይሙሉ መንገድን ሕጋዊ ከይኾን ከምዝገብር ተስፋ ኣለና።


ንዊኪፔድያ ኣበርከቲ ዝኾኑ ሰባት ዝገጥሞም ብድሆታት ንምርዳእ፣ ብዙሕ መረዳእታ ኣብዘይብለን ቋንቋታት፣ ብመንፅር በዝሒ፣ ዓይነትን ዝምድናን፣ (1) ካብ መድረኻት ምይይጥ ዊኪፔድያ ሓበሬታ ዝተንተናሉ፣ (2)14 ተሳተፍቲ ብቋንቋታት ትግርኛ፣ ኦሮምኛ ወይ ከኣ ኣምሓርኛ ዓንቀፃት ክፅሕፉ ዝፈተኑሉ ብምርኣይ መፅናዕቲ ኣካይድና። ብመሰረት ውፅኢት እቲ መፅናዕትና፣ ንኹሉ ዝሓውስ ቴክኖሎጂታት ቋንቋ ንምስራሕ ለበዋታት ነቕርብ። ኣብዚ ፅሑፍ እዚ፣ ኣብ ታሕቲ ክርከብ ዝኽእል፣ ናብ ሕትመት ካብዝበቕዐ ናይ ውፅኢትና ጥሙር ሓሳብ ነቕርብ።

## ንኣምሓርኛ፣ ትግርኛን ኦሮምኛን ዘሎ እዋናዊ ኩነታት ዊኪፔድያ


ሓፈሻዊ፣ ብመንፅር በዝሒ፣ ዓይነትን ዝምድናን፣ ዊኪፔድያ ኣብዘን 3 ቋንቋታት እዚአን ሽግር ኣለዎ። ብመንፅር በዝሒ ወይ መጠን፣ ኣብተን 3 ቋንቋታት ዘሎ ቁፅሪ ፅሑፋት ዓብዪ ፍልልይ ኣለዎ። ምስ 650,000 ፅሑፋት ዘለዎ ዓረብኛ ክነፃፀር፣ ኣብ ዊኪፔድያ ትግርኛ 304 ፅሑፋት ኣለዋ። ልዑል ሃብቲ ፅሑፋት ምስዘለወን መሰታተን ክነፃፀራ ከለዋ፣ በዝሒ ቡብዕለቱ ዝቐርባ ፅሑፋት ኣብዘን ቋንቋታት ዘሎ ቁፅሪ ንጥፈት ኣረምቲ ከዓ፣ ብዘሰንብድ ኩነታት ትሑት እዩ። ከምኡ ድማ፣ውሱን መረዳእታ ዘለወን ቋንቋታት፣ ብመንፅር ፅርየት ክረአ ከሎ ንዊኪፔድያ ሽግር እዩ። ኣብ ስእሊ 1ሀ. ኣብ ዊኪፔድያ ናይ ዝተፃሕፈ ስም ሓደ ውልቀሰብ ዝኾነ ኣርእስቲ ናይ ዝሓዘ በዓል ሓንቲ ቃል ምስሊ ፅሑፍ ትግርኛ ንርኢ። ስእሊ1ለ፣ ኣብ ፅሑፍ ዊኪፔድያ ኣምሓርኛ፣ ታሪኽ ኢትዮጵያ ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ፣ ብዛዕባ ከባቢ ኣብ ክልል ትግራይ እትርከብ ሓንቲ ከተማ ዝገልፅ ነዊሕ ሙሉእ ሓሳብ የርእየና። ጎሊሁ ንክረአ ኣብዝተገብረ ስእሊ፣ ኣብዘን ቋንቋታት ዘለዋ መብዛሕትአን ፅሑፋት፣ ኣብ ሕድሕድ ጫፍ ግራፍ ዝረአ ሓድሓደ ሙሉእ ሓሳብ ኣለወን።ንምንፅፃር፣ ዓረብኛ ኣብ ጫፍ፣ ከባቢ 10 ሙሉኣት ሓሳባት ኣለዎ።ከምኡ ድማ፣ ኣብዘን ሰለስተ ቋንቋታት እዚአን፣ ኣብ ሓደ ፅሑፍ ዝርከባ ሙሉኣት ሓሳባት፣ እንተበዝሓ ዓሰርተታት ወይ ኣማኢት እየን። ኣብ ዓረብኛ ግና፣ ኣሽሓት ወይ ዓሰርተታት ኣሽሓት እየን።





ስእሊ **1**ሀ. ስእሊ ካብ ትግርኛ ዊኪፔድያ ዝተረኸበ ፅሑፍ




ስእሊ 1ለ. ስእሊ ካብ ኣምሓርኛ ዊኪፔድያ ዝተረኸበ ፅሑፍ




ስእሊ 2. ኣብ ሕድሕድ ፅሑፋት ዊኪፔድያ ኣምሓርኛ፣ ትግርኛ፣ ኦሮምኛን ዓረብኛን ብምክፍፋል ፍቕዲ ሙሉኣት ሓሳባት ዘርኢ ንድፊ።




(a) Amharic article about the Big Mac burger.
(b) English article about a famous community in Ethiopia.

ስእሊ 3. ምንም እኳ እዚ ፅሑፍ እዚ ክፅሓፍ ከሎ ኣብ ኢትዮጵያ ቤት ምግቢ ማክዶናልድ ኣይንበር እንበር፣ ስእሊ 3ሀ ኣብ ቀንዲ ገፅ ዊኪፔድያ ኣምሓርኛ ብዛዕባ ቢግ ማክ በርገር ናይ ዝወፀ ፅሑፍ ስእሊ የርእየና። ብኻልእ ወገን ድማ፣ ብዛዕባ እቲ ውሩይ ማሕበረሰብ ኣውራ ኣምባ፣ ስእሊ 3ለ፣ ሓዲኦን እኳ ኢትዮጵያዊ ዘይኮና፣ ብሽዱሽተ ቋንቋታት ፅሑፋት ኣለዋ። ኣብ ከምዚኦን ዝበላ ቋንቋታት፣ ዊኪፔድያ ሕፁፃት ዝምድና ኣለዎ።

## ሜላ መፅናዕቲ


ኣብ ላዕሊ ዝተፀርሐ፣ እተን ሰለስተ ቋንቋታት ኣብ ዊኪፔድያ ዘለወን ጉድለት ከምዘሎ ኮይኑ፣ እተን ሰለስተ ቋንቋታት ዝዛረቡ ኣበርከቲ፣ ኣብ መስመራት ሓበሬታ ምስዘለዋ መዋህለሊታት ፍልጠት ክነጥፉ ከለዉ፣ እንታይ ብድሆታት ይገጥሞም? ዝብል ሕቶ ምርምር ኢና ሓቲትና። እዚ ሕቶ ምርምር ንምምላስ፣ክልተ መፅናዕትታት ኣካይድና። ኣብ ቀዳማይ መፅናዕቲ፣ ካብ መድረኻት ምይይጥ መረዳእታታት ኣኪብና ንኣበርከቲ ዊኪፔድያ ዘተ ዝተገበረሎም ብድሆታት እንርደኣሉ፣ ምስቲ ቴማ ዝዛመድ ናብ መደምደምታ ዘብፅሓና ትንተና ገበርና። በዘን ሰለስተ ቋንቋታት ዝግበር ኣበርክቶ ትሑት ስለዝኾነ፣ ናብዚ ቦታ ንምእታው ዘለዎ ዕንቅፋታት ክንርዳእ ምእንቲ ምስ 14 ጀመርቲ ኣበርከቲ ዓውደኣዊ ምርምር ብሕቶታት ዝተደገፈ መፅናዕቲ ኣካይድና።

## ውፅኢት መፅናዕቲ(ግንዮት)

እዘን መፅናዕትታት ክነካይድ ከለና፣ ምስዘን ቋንቋታት እዚአን፣ ዊኪፔድያ ዘለዎ ሽግር እንታይ ምዃኑ ብትኽክል ክንረክብ ኢና ኢልና ንሓስብ ነበርና። ከምቲ ዝበልናዮ ድማ እተን ዕንቅፋታት ብምኽንያት ጎሊሁ ዝረአ ምስ ናይ ዊኪፔድያ መራኽቢ (መገጣጠሚ)፣ ሓገዝቲ ቋንቋ ዝኾና መሳርሕታትን ማሕበረ ፖለቲካዊ ብድሆታትን ኮይነን ተረኺባ።

### ብድሆታት መገጣጠሚ ዊኪፔድያ

1. ሓድሓደ ግዜ፣ ዊኪፔድያ ብቋንቋታት ከባብን እንግሊዝኛን ዝተሓዋወሰ መምርሕታት ኣለዎ። ንኣብነት፣ ኣብ ስእሊ 4 ዝረአ፣ ምስ ሓደ ተሳታፊና ዝተራእየ ስሕተት ፍቓድ ብትግርኛ 'በዘን ዝስዕባ ምኽንያት እዚ ገፅ እዚ ክትፈጥር ኣይትፈቐደልካን።' ይብል እሞ እተን ምኽንያታት ግና ብእንግሊዝኛ ምዝርዛር ይቕፅል።




ስእሊ 4. ስሕተት ፍቓድ ኣብ ዊኪፔድያ ትግርኛ፣ ትግርኛ ምስ እንግሊዝኛን ዝተሓዋወሰ መምርሒ

2. ኣብተን ቋንቋታት ከባቢ ዘለዋ ቴክኒካውን ሳይንሳውን ስያመታት በቶም ኣበርከቲ ዝፍለጣ ኣይኮናን። እቶም ተሳተፍትና ኣብተን መጠወቕታትን መራኸብታትን ዘለዋ ስያመታት ንምርዳእ ክፅገሙን ሓደ ነገር ንምስራሕ፣ እተን ትኽክለኛታት መራኸቢ ንምርካብ ሽግር ከምዝገጠሞም ተዓዚብና ። ሓድሓደ ተሳተፍትና ምናልባሽ ድማ እዚ ስያመ እዚ ካብ ካሊእ ላህጃ ዝመፀ እዩ ኢሎም ምስ ላህጃታት ቋንቋ፣ ከተሓሕዝዎ ሪኢና። ብተወሳኺ፣ ሓደሓደ ስያመታት ኣዝየን ተራ ዝኾና፣ወይከኣ ኣብ ኣገልግሎት ዕለታዊ ዘረባ ዘይውዕላ ከምዝኾና እቶም ተሳተፍቲ ሓቢሮሙልና።
3. ሓበሬታ፣ ኣብ ሓደ ርጉእ፣ ብቐጥታ ኣብ ዝርከብ ስፍራ ኣይኮነን። ሓድሓደ ተግባራት ንምፍፃም፣ ንኣብነት ንሓደ ፅሑፍ ስእሊ ንምውሳኽ፣ ተሳተፍትና ካብ ዊኪፔድያ ኣብ ዝወፀ ክደልዩ ኣለዎም።

## ሓገዝቲ መሳርሒታት ቋንቋታት

1. ብፊደላት ግእዝ ኣሃዛዊ ፅሑፍ ምፅሓፍ ኣሸጋሪ እዩ። ተሳተፍቲ ዝተፈላለያ 7 ዓይነት መጠወቒ ሰሌዳታት ተጠቒሞም እኳ፣ ኩሎም ብድሆታት ገጢሙዎም እዩ። ኣብ መድረኽ ትንተናና፣ ኣበርከቲ፣ ብፊደላት ላቲን ዝተሰርሐ መጠወቒ ሰሌዳታት፣ ፊደላት ግእዝ ምፅሓፍ መጥፍኢ ጊዜ ኮይኑ ኢና ረኺብናዮ።
2. ኣብዚ ሕዚ ዘሎ መስመራት እከባ ፍልጠት ስነቃላዊ ሃብትታት ይጠፍኣ ኣለዋ። ኣብ መስመራዊ እከባ ፍልጠት ኣገባብ ፅሕፈት ብጥብቂ ምስተኸተልና፣ ተሳተፍቲ፣ብሃብቲ ስነቃል ተዓቂቡ ዝፀንሐ ዕውፅዋይን ፍልጠትን ምግዳፎም ከምዘተሓሳሰቦም ገሊፆሙልና።
3. መሳርሒታት ትርጉም ማሽን፣ ባህላዊ ዝምድና ኣብ ርእሲ ምጉዳለን ብማዕረ ዘይምርኣይን መርዛምነትን እየን ዘተኣታትዋ። ተሳተፍትና መሳርሒታት ትርጉም ማሽን ክጥቀሙ ከለዉ እቲ ውፅኢት፣ ንኣብነት፣ 'እኽለ ማይና ተወዲኡ' ዝብል ብሂል ከምዘሎ ቃል ብቓል ብምትርጓም ባህላዊ ዝምድና፣ ከምዝጎደሎ ተዓዚብና። ከምኡ ድማ፣ መሳርሒታት ትርጉም ማሽንን ንናይ ኢትዮጵያ ኣቆፃፅራ ዓመት ኣብ ግምት ኣየእተዎኦን። ከምኡ ስለዝኮነ፣ ዓመት ንዘለወን ፅሑፋት እቲ ትርጉም ኣየናይ ኣቆፃፅራ ዓመት ከምዝተጠቐምና፣ ወይ ከኣ ናብ ኣቆፃፅራ ዓመት ኢትዮጵያ ኣይቐይሮን። እዚ ድማ ኣብ ታሪኻዊ ፁሑፋት ደንገርገር ይፈጥር።

## ማሕበረ ፖለቲካዊ ጉዳያት

1. ስጉምትታት ድሕንነት ሳይበር ንስራሕቲ ቪፒኤን ኣሰናኺሉዎ። ኣበርከቲ፣ ቪፒኤን ዝጥቀሙ ብምኽንያት ጉዳያት ፖለቲካ እዩ። ካብ ተሳተፍትና ብዙሓት፣ ምስ ኣገልግሎታት ቪፒኤን ብዘለዎም ርክብ ንዊኪፔድያ ከየበርክቱ ተኸልኪሎም እዮም። ኮይኑ ግና፣ እቶም ተሳተፍቲ ቪፒኤን ዝተጠቐሙሉ፣ እዚ ኣኼባ ክነካይድ ከለና፣ ኣብ ኢትዮጵያ ከም ቴሌግራምን ዩቱብን ዝኣመሰላ መራኸብታት ተኸልኪለን ስለዝነበራ እዩ።
2. ብዛዕባ እተን ማሕበረሰባት ዘለዋ ምሁራዊ ፅሑፋት ውስናት ኣብ ርእሲ ምዃነን በተን ቋንቋታት ዝተጻሕፈ ድማ ብዝገደደ ውሑድ እዩ። ተሳተፍትና፣ ንፅሑፋቶም መረጋገፂ ዝኾና ሳይንሳዊ ፅሑፋት ንምርካብ ተሸጊሮም ነይሮም። መጀመርታ፣ ብሓፈሻ ብዛዕባ እተን ማሕበረሰባት ሕፅረት ምሁራዊ ሃብቲ ኣሎ። ካልኣይ፣ ምሁራዊ ሃብትታት እንተሃለዉ እኳ፣ ብእንግሊዝኛ ወይ ብካልኦት ቋንቋታት ኣውሮፓ እዮም ዝርከቡ። 'ረኣዩ፣ ሃሮልድታት ጥራይ እዮም መሊኦም! ' በለ ሓደ ተሳታፊና ብዛዕባ ሃፀይ ዮሃንስ ኣብ ዝተፃሕፈ ፅሑፍ ዘሎ ዝርዝር መወከሲ ምስረኣየ።
3. ንኣበርክቶ፣ ፋይናንሳዊ ፀገማት ኣለዉ ። ተሳተፍትና፣ ፍልጠት ብቋንቋኦም ከበርክቱ ወይ ከኣ ብዛዕባ ማሕበረሰቦም ክፅሕፉ ክፍትኑ ከለዉ፣ ገንዘብ ዝሓቱ ሕትመታት ንምርካብ ብዛዕባ ዝገጥሞም ሽግር ኣልዒሎም እዮም። ኣብ መድረኽ ትንተናና፣ ሓደ ካብቶም ኣበርከቲ፣ ምእንቲ ብቋንቋኦም ከበርክቱ፡ ምስ ኢንተርኔት ዝራኸቡሉ ናይ ሞባይል ዳታ ክፍሊት ገንዘብ ከምዘድሊዮም ኣልዒሉ እዩ።

## ንኹሉ ዘጠቓልሉ ቴክኖሎጂታት ምስራሕ

ሀ. ዋና ገፅ ዊኪፔድያ፣ ብመሰረት እተዓዘብናዮም ብድሆታት፣ ነዘን ቋንቋታት ዋና ገፅ ዊኪፔድያ ዘመሓይሽሉ ኣንፈታት ርኢና ኣለና። ንብኣነት፣ ዊኪፔድያ ብቐፅበት ሕውስዋስ ቋንቋ ዘለወን ፅሑፋትን ገፃትን ምልክት ክገብረለን ቴክኖሎጂ መለለዪ ቋንቋ ክጥቀም ይኽእል እዩ። መሊሱ ድማ፣ ዊኪፔድያ፣ ብዝተፈላለየ ላህጃ (ኣፍ እንዳ) እቲ ፅሑፍ ዘበርከቱ ሰባት፣ ንኣብነት፣ ዝተፈላለየ ኣሰራርዓ ፊደላት ዘለዎ፣ ዘየድሊ ምድግጋም ከትርፍ ስለዝክኽእል ኣበርከቲ እቲ ፅሑፍ ዘበርከቱሉ ላህጃ ክውስኹ ክፈቕደሎም ይኽእል እዩ።

ለ. ትርጉም ማሽን፣ ብመንፅር ታሪክ ፅሑፋት ትኽክል ኮይነን ንክወፃ፣ተመራመርቲ ዝተዋቐረ ለውጥታት ዕለታትን ዓመታትን ንክህሉ ንመሳርሕታት ትርጉም ማሽን መስርሕ ክውስኹ ይኽእሉ እዮም። ከምኡ ድማ፣ ኣብ ትርጉም እዘን ቋንቋታት ክህሉ ዝኽእል መርዛምነትን ብማዕረ ዘይምርኣይን ናይ ምንካይ ተኽእሎ ኣሎ።

ሐ. ኣገባባት እታዎት፣ ፅሑፍ ናብ ቆፎታት ፍልጠት መርበብ ኢንተርነት ንምእታው፣ ከክንዲ ኣብ ፊደላት ላቲን ዝተመስረተ መጠወቒ ሰሌዳታት ምጥቃም፣ ኣብዘን ቋንቋታት ሜላ ኣሰራርሓታት ቅፅበታዊ ምልላይ ዘረባ፣ ካብ ድምፂ ናብ ፅሑፍ ዝኸድ፣ ናይ ምጥቃም ዓቕሚ ኣሎ። ኣብ ርእሲ እዚ፣ ድኹም ብዝኾነ ኣገባብ ድምፂ ዝብርከት፣ ናብ ፅሑፍ ምቕያር ከየድለየ፣ ብስነቃላዊ ባህሊ ዝመሓላለፉ ፍልጠታት ንምሕዋስን ንምዕቃብን ክፈቅድ ይኽእል እዩ።

## መደምደምታ

ኣብዚ መፅናዕቲ እዚ፣ ኣበርከቲ ኣብ ዊኪፔድያ ብኣምሓርኛ፣ ኦሮምኛን ትግርኛን ንምፅሓፍ ክፍትኑ ከለዉ ዘጋጥሞም ብድሆታት ኢና ሪኢና። ኣብ ትንተናና ተመስሪትና፣ ንኹሉ ዝሓወሰ ቴክኖሎጂታት ቋንቋ ንምስራሕ፣ ጥማር ናይ ኣሰራርሓ ዕድላት ኣቐሪብና ኣለና። ኣባላት ማሕበረሰብን ተዛረብቲ እዘን ቋንቋታትን  ከም ዊኪፔድያ ናብ ዝኣመሰላ ቆፎታት ፍልጠት መርበብ ኢንተርኔት ናይ ምብርካት ወይ ዘይምብርካት ውሳነ ናይ ኣባላት እቲ ማሕበረሰብ ወይ ተዛረብቲ እተን ቋንቋታት ክኸውን ከምዝግባእ ትኹረት ሂብና ኢና እዛ ፅሕፍቲ ንዛዝማ። ኣብዚ ጊዜ እዚ፣ ኣሰራርሓ ዝተፈላለያ ቴክኖሎጂታትናን ማሕበረ ፖለቲካዊ ዋኒናትን፣ ንምብርካት ፅሑፋት ዕንቅፋት የስዕቡ። ስራሕና፣ ማሕበረሰባት ከበርክቱ ይግባእ ዝብል ኣይኮነን። የግዳስ፣ ንኹሉ ዝሓውስ ቴክኖሎጂታት ንምስራሕ ክንፅዕርን፣ ናይ ምብርካት ወይ ዘይምብርካት ምርጫ ንተዛረብቲ እተን ቋንቋታት ክንገድፎ ኣለና።